
# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንወለድን ኣለይትን
# ካብ ጉጅለ ህዝባዊ ጥዕና ማንቸስተር

# ንፍዮ



ንፍዮ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ኣዝዮም ተላባዕቲ ሕማማት ሓደ እዩ።
እዚ ማለት ብቀሊሉ ክሕዝን ብቀሊሉ ክዝርጋሕን ይኽኣል እዩ።



ሰባት ኣዝዮም ክሓሙ ወይ'ውን ብእኡ ክሞቱ ይኽእሉ እዮም።



ኣብ እዋን ጥንሲ ሕማም ንፍዮ እንተሒዙኪ
ንውላድኪ ክጎድኦ ይኽእል እዩ።




ግን ክከላኸለልኩም ዝኽእል ውሑስ ክታበት ኣሎ።

**እዚ ወረቐት ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባኡ ይነግረኩም።**



## ንፍዮ ብኸመይ ይላባዕ?

ሓደ ሰብ ክስዕል ወይ ክሕንጥስ ከሎ ኣብ ኣየር ይዝርጋሕ።





## ምልክታቱ እንታይ እዮም?

ልዑል ሙቐትን ዕንፍሩር ቆርበትን



## ንፍዮ እንታይ ዓይነት ጸገማት ከስዕብ ይኽእል?

ዓበይቲ፡ ከምኡ'ውን ዕሸላት (ትሕቲ 12 ወርሒ) ምስኡ ካልእ ጸገማት ናይ ምህላው ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።



ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ንፍዮ ረኽሲ ኣፍልቢ፡ ሃለዋት ኣጥፊእካ ምንፍርፋር፡ ሕበጥ ሓንጎልን ጉድኣት ሓንጎልን ከስዕብ ይኽእል።



ህጻናት ንኣስታት 5 መዓልታት ክድቅሱን ንኣስታት 10 መዓልታት ድማ ካብ ትምህርቲ ከብኩሩን ይኽእሉ።



## ክታበት

ውላድኩም ክተኽትቡ ብቤት ትምህርቲ ወይ ብሓኪምኩም ክትሕተቱ ኢኹም። **በጃኹም ፍቓድኩም ሃቡ።**



እቲ ክታበት ኤምኤምኣር (MMR) ይበሃል።
ንውላድኩም ካብ ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩበላን ይከላኸለሉ።



ክትክተብ ፈጺሙምኩም ኣይደንጎኹምን።

ላዕለዋይ ገደብ ዕድመ ዝበሃል'ውን የለን።

ክታበቶም ዘየሐደሱ/ዘይውሰዱ ዓበይቲ ሰባት ምስ ሓፈሻዊ ሓኪሞም ክራኸቡ ይኽእሉ።

እንታይ ዓይነት ክታበት ኤምኤምኣር (MMR) ከም ዝወሰድኩም ርግጸኛታት እንተዘይኬንኩም፡ በጃኹም ብዛዕባ እዚ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኹም ተዘራረቡ።

NHS

ናትኩም ኤንኤችኤስ ኣብ መንጎ እዚ ክታበትን ኦቲዝምን ዝኾነ ምትእስሳር ከምዘየለ ይገልጽ። ኣብ መላእ ዓለም ብዘይ ስግኣት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ እዩ።



ጉጅለ ጥዕናና ክሕግዘኩም ይደሊ።
በጃኹም ኣዘራርብዎምን ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩኩም ሕተትዎምን።
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ
www.nhs.uk/conditions/measles/ ርኸቡ።